## ለበዋ ንጉባኤ ተቃወምቲ ሓይልታት
## ኤርትራ ካርቱም ።

እዚ ኣብ ካርቱም ብመራሕቲ ተቃውሞ ኤርታራውያን ተሳሳሲሉ ዘሎ ዋዕላ ክሳብ ሕጂ ዳርጋ በቲ ህዝቢ ዝጽበዮ ኣገባብ ይኸይድ ኣሎ። ንቀጻሊ ካኣ ኩሉ ኣንፈቱ ኣብቲ ህዝቢ ዝጽበዮ ኣትኩሩ ብምርኣይ ንቀድሚት ክደፍእ ሃረርታና ወሰን የብሉን።

ሓደ ህዝቢ ባዕሉ ዝመረጾም ዘውርዶምን መራሕቲ ሃሊዮምዎ ብሕጊ ክማሓደር እንድሕሪ ጀሚሩ እቲ ካልእ ምዕብልና ብምሉእ ካብ ህዝቢ እትጽበዮ ውጺት ስለ ዝኾነ እሞ ህዝቢ ኤርትራ ካኣ ብህርኩትንኡን ምሃዝነቱን በቶም ዝሓለፉ ገዛእቲ ከይተረፈ ዝተመስከረሉ ስለ ዝኾነ ብዘይ ውዓል ሕደር ሃገርና ኤርትራ ከም ትብርኽን ትምዕብልን ናይ ኩሉ ውለቀ ኤርትረኣዊ ንጹር ራኢኢ እዩ።

ብቀዳምነት ከንዛኻክሮ ንደሊ ሓሳብ እንተልዩ ህዝቢ ኤርትራ ቃልሲ ካብ ዝጅመር ክሳብ ሕጂ ከይታሓለለ ተቃሊሱ ኣፍርዩ እዩ ።ማለት እታ ተቃሊሱ ከምጽኣ ዝደሊ ዝንነበረት ነጻነት ረኺቡ እዩ ። እንተኮነ እቶም ናይ መሪሕ ተራ ክጻአውቱ ዝደልዩ ሰባት ኩሉ  ጊዜ ነቲ ሃገራዊ ዕላማ ናብ ናይ ስልጣን ቃልሲ እናጠወዩ ኣብቲ ህዝቢዝደልዮ በጺሑ ሓራ ህዝቢ ኮይኑ ነታ ብመስዋእቲ ዝረኸባ መሬቱ ተኣማሚኑ ክረግጻ ኣይክኣለን እንዳተሸቁረረ  ድማ ይነብራን ይጠፋኣላን ኣሎ። እዚ ከኣ ውጺት ሕሱም ድልየት ስልጣን ናይ መራሕቱ እዩ።

ሕጂ ግን ዝሓለፈ ተሞክሮ ኮይኑና በቲ ዓለም ዝደልዮ ምስ ህዝቢ ዓለም በቲ ህዝቢ ዝደልዮ ካኣ ምስ ህዝብና ተሳማሚዕና ክንነብር ምስ ንሓስብ ኩሉ መወዳእታ ተረኺብዎ ማለት እዩ።

እሞ ኣብ ዝመጽእ ኣብ እትገብርዎ ሃገራዊ ስርሓት ኩሉ እቲ ህዝቢ ዝጽበዮ ብትኩረት ኣሳሳሲልኩም  ብሰላም ክትወጹ ሰብ ምሉእ ተስፋ ኢና። መን ይመረጽ ብዘይየገድስ እዚ መስርሕ መሳጋገሪ መንግስቲ ስለ ዝኾነ ሓደ ናቱ ቅጫ ከብስል ወይ ክትግብር ምስ ዝሓስብ ዕላማ ህዝቢ ትስሕቱ ከም ዘለኹም ኣብ ግምት ክትእትውዎ ኣለኩም ባህልቲ ኢና ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብዚ እዋን እዚ ካብቲ ወሪድዎ ዘሎ ኣድራዕ ከመይ ገይሩ ይጋላገል ስለ ዝኾነ። እሞ ነዚ ክተተግብሩ ምስ ትበቅዑ ጥራይ እዩ ዓወት ህዝቢ ኤርትራ ዝኸውን።

ኣብ'ዚ ዝግበር ምርጫ ይኹን ካልእ ከም መፍቲሒ ዘሎ ሽግር ኤርትራዊያን ንምፍታሕ ምእንቲ ክክኣል ብቀዳምነት ነዚ ስርዓት እዚ ዝወድቀሉ። ቀጺሉ ካኣ ንመሰል ንብሲ ወከፍ ዜጋ ዘውሕስ ድልዱል  ደሞክራስያዊ  ስርዓት ንምትካል ዝመተ ብቀዳምነት ክስራዕ ኣለዎ። ስለ'ዚ ህዝቢ ልቡ ረጊኡ በቲ ዝመጽእ ስርዓት ተኣማሚኑ ቃልሱ ክቅጽል ተስፋ ዝህብ ክኸውን ተስፋ ንገብር።

እምበኣርከስ ኩሎም ኤርትራዊያን ተቃወምቲ ነዚ ዝካየድ ኣኼባ ካርቱም ብብወገኖም ሓበረታ ይኹን ለበዋ ጽቡቕ ትምኒትን ከማሓላልፉ ንጽውዕ።

ዓወት ንቃልሲ ህዝብና
ሓድነት ተቃወምቲ ይደልድል
ውድቀት ንስርዓት ህግደፍን ተላኣኽቱን

በላይ መስፉን
ሚካኤል ኣጎስቲኖ
ጀርመን ቱቢንገን